26.05.2021

# ጸብጻብ

## ጽምብል መበል 30 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ

## ኣብ ከተማ ካርልስሩህ

ብዕለት 23/05/2021 ተቐማጦ ከተማ ካርልስሩሀን ከባቢኣን፡ ብምኽንያት መበል 30 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ፡ ብክብ ዝበለ ድምቀት ብማንዛ ጽምብል ኣካይዶም። ኣብዚ ብሃገራዊ ሽማግለ እታ ከተማ ዝተዳለወ መደብ፡ ልዕሊ 80 ኤርትራውያን ተሳቲፎም። ኣብ ትሕቲ „ወትሩ፡ ንኹሉ ድሉዋት“ ዝብል ቴማ፡ ን30 ዓመት ናጽነትን ናብኡ ንብጻሕ ዘተኻየደ ጉዕዞን ቃልስን ዘንጸባርቑ ብርክት ዝበሉ ግጥምታትን ስነ ጽሑፋትን፣ ነቲ ጽምብል ዘድምቑ ሙዚቃን ደርፍታትን ብምድላው፡ ንልዕሊ ሰለስተ ሰዓት ዝኸደ ዕዉት መደብ ተኻዪዱ። ኣብ መጨረሻ፡ ንተሳተፍቲ ናይ ርእይቶን መልእኽቲ ዮሃናን ናይ ምትሕልላፍ ዕድል ስለዝተዋህበ፡ ኩሉ ተኻፋሊ ሓጎሱን ሓበኑን ብምግላጽ፡ ነቶም ነዛ ክብርቲ መዓልቲ ከነስተማቕር ዘኽኣሉና ሰማእታት ሕድሮም ከይዘንገዐ፡ ሃገሩ እትሓቶ ከበርክት ምዃኑ ዳግም መብጽዕኡ የሐዲሱ።

ወትሩ፡ ንኹሉ ድልዋት

ዓወት ንሓፋሽ

ሃ/ሽ/ከተማ ካርልስሩህ